HUMAN RIGHTS WATCH

# ጽሟቕ

Copyright © 2014 Human Rights Watch
All rights reserved.
Printed in the United States of America
Cover design by Rafael Jimenez

Human Rights Watch is dedicated to protecting the human rights of people around the world. We stand with victims and activists to prevent discrimination, to uphold political freedom, to protect people from inhumane conduct in wartime, and to bring offenders to justice. We investigate and expose human rights violations and hold abusers accountable. We challenge governments and those who hold power to end abusive practices and respect international human rights law. We enlist the public and the international community to support the cause of human rights for all.

Human Rights Watch is an international organization with staff in more than 40 countries, and offices in Amsterdam, Beirut, Berlin, Brussels, Chicago, Geneva, Goma, Johannesburg, London, Los Angeles, Moscow, Nairobi, New York, Paris, San Francisco, Tokyo, Toronto, Tunis, Washington DC, and Zurich.

For more information, please visit our website: http://www.hrw.org

## ጽማቕ

**ጽማቕ...................................................................................................................... 4**

**ምሕጽንታታት............................................................................................................ 9**

ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ..................................................................................................... 10

ንናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት .................................................................... 10

ንማሕበር ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን............................................................................... 10

# ጽማቕ

> ንኽንከፍል ብምባል ኣጋፊያምና። ንደቀንስትዮና ኣብ ቅድሜና ተጋሲሶም ጥራሕ ነብሰን ገዲፎመን ከይዶም። ንቑልቁል ኣፍና ደፊኦም ኣንጠልጠሉና። ገሪፎምናን ብሽጋራ ኣብ ምሉእ ኣካላትና ኣንዲዶምናን። ሓደ ዓርከይ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ሞይቱ፤ ንዓና ድማ ንኽንመውት በጥ በሉ ኢሎምና።
>
> — *ሓደ ግዳይ ዝኾነ ኤርትራዊ ብዛ ባ ንሱን ካልኦትን ኣብ ትሕቲ ናይ ደሴት ሲና ዝርከቡ ነጋዶ ሰብ ግብጻውያን ዘሕለፍዎ ግፍ ን ስቓይን ኣመልኪቱ ኣብ መጀመርያ 2012 ዝበሎ*

> ኣብቲ ሓደ ዓቢ ድልድል ዝርከብ ብሎኮ [ኣብ ካናለ ሱወዝ] በጻሕና...እሞ ሰለስተ ነጋዶ ሰብ ውጽኢ ኢሎም ንፖሊስ ከዛርቡ ረኣና። እቶም ፖሊስ ነተን ካልኦት መካይን ፈቲሾም ነታ ናትና ግና ኣይፈተሹዋን። እቶም ነጋዶ ሰብ ተመሊሶም ኣብ መኪና ተሰቕሉ እሞ ነቲ ድልድል ሰገርናዮ።
>
> — *ናይ ነጋዶ ሰብ ግዳይ ዝኾነ ኤርትራዊ ብዛ ባ ብጩራ ናይ ሽፍንቲ ፒክኣፕ መኪና ብም኿ን ኣብ ግዜ ምስጋር ድልድል ናይ ሲና ኣብ ኣል ቃንጣራ ዝተዓዘቦ፣ ሓምለ 2011*

ካብ 2006 ጀሚሮም ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ሃገሮም ኣጋጢሙ ዘሎ ሰፊሕ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ድኽነትን ራሕሪሖም ብምህዳም ንምሽቱ ግና ናብ ግብጻዊት ደሴት ሲና ኣቢሎም እዮም። ክሳብ 2010፣ ብወለንታኦምን ብዘይ ሽግርን ብመንገዲ ሲና ናብ እስራኤል ክሰግሩ ጸኒሖም እዮም። እንተኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፣ ሲና ከም ናይ መጨረሽታ ሂወት፡ ናይ ማእሰርትን፣ ጭካነን፣ መግረፍቲን ሞትን ቦታ ኮይና ጸኒሓ ኣላ።

ካብ መፋርቕ 2010 ጀሚሮም ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን ማለት ሕዳር 2013፡ ሱዳናውያን ነጋዶ ሰብ፤ ንብውሑዱ ኣማኢት ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብ ምብራቕ ሱዳን እንዳጨወዩ ንኣብ ሲና ዝርከቡ ግብጻውያን ነጋዶ ብምሻጥ፤ ንሳቶም ድማ ገንዘብ ካብ ኣዝማድ እዞም ግዳያት ንኽዘምቱ ብማለት ዘይተኣደነ ኣሰቃቒ ግፍዒ ከውርዱሎም ጸኒሖም ኣለዉ።

ሓደ ካብቲ እዞም ነጋዶ ሰብ ዝጥቀሙሉ ኣገባብ ነቲ ግዳይ ኣካላዊ ማህሰይቲ እንዳውረዱሉ ከለዉ ክፉት ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ብምግባር ንቤተሰብ ግዳይ እቲ ስቓይ ከምዝሰምዑ ምግባር እዩ። እቶም ቤተሰብ ነቲ ናይ ስቓይ ኣውያት እንዳሰምዑ ከለዉ፡ እቶም ጨወይቲ ድማ ካብኣቶም ንመልቀቒ እቲ ግዳይ ዝኸውን ገንዘብ ይጠልቡ። ብዙሓት ኤርትራውያን ንውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ዘይመንግስታውያን ትካላት፣ ጋዜጠኛታትን ተጣበቕትን ብዛ ባ ኣብ ል ሊኦም ዝተፈጸመ ምግሳስን፣ ምንዳድ ኣካላትን፣ ማህሰይቲን ምስብባር መሓውርን፣ ናይ ኤለትሪክ ሾክን ካልእ ዓይነታት ማህሰይትን ሓቢሮም እዮም።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ እዞም ገበናት እዚኣቶም ብምትሕብባር ነጋዶ ሰብን ናይ ሱዳንን ግብጽን ፖሊስን ወተሃደራትን ይሳለጡ። እቶም ፖሊስን ወተሃደራትን ንግዳያት ነቶም ነጋዶ ብምርካብ ይኹን ኣብ ብሎኮታት ከምዘይረኣዩ ስቕ ብምባልን ንዝሃደሙ ግዳያት ሒዞም መሊሶም ናብቶም ነጋዶ ብምርካብን ይተሓባበሩ።

እዞም ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ተገሊጾም ዘለዉ ገበናት እቶም ኣብ ትሕቲ ዓለምለኻዊ ሕጊ ንንግዲ ሰብ ዝምልከቱ ገበናት ኰይኖም ንባርነት ዝዓለመ ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ብምፍርራህ ንኤርትራውያን ብመንገዲ ገበነኛታት ብምጉ ዓዝን፣ ምስግጋርን ብምሓዝን ዝሰርሑ ገበኛታት ሰባት የመልክት።

ናይ ሱዳን ንኤርትራውያንን ካልኦትን ዝነግዱ ሰባት ኣዝዩ ድሩት ዝኾነ ሕጋዊ ስጉምቲ ብምውሳዳን፤ ግብጺ እውን ንነጋዶ ሰብ ክትምርምርን ኣብ ሕጊ ከተቕርብን ብዘይምኽኣላ፤ ከምቲ ኣብዚ ጸብጻብ ዝተገልጸ፡ እዘን ሃገራት

እዚኤን ነቲ ኣብ ትሕቲ ሃገራውን ኣህጉራውን ኣንጻር ንግዲ ሰብ ሕግታትን፣ ዓለምለኻዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ሃገራዊ ገበናዊ ሕግን ይጥሕሳ ኣለዋ ማለት እዩ።

እቶም ሰበስልጣን ብናይ ንግዲ ሰብ ዝተኣሳሰርን ኣዝዩ ሓያል ስቓይ ዘስ ብ ገበናት ንዝተጠጠሩ ሰባት ክምርምሩ ሓላፍነቶም ኰይኑ፡ ነዚ ምስ ዘይገብሩ ነቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዋ ላ ኣንጻር መግረፍቲ (Convention Against Torture) ይጥሕሱ ምህላዎም ምግንዛብ ይግባእ። ብመሰረት ኣፍልጦ ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት፡ ግብጺ ንወላ ሓደ በዚ ጉዳይ ዝኸሰስ በዓል መዚ ኣብ ፍርዲ ከምዘየቕረበት እዩ። ሱዳን ከኣ ኣብ 2012ን 2013ን ኣርባ ተ ሰብ መዚ ጥራይ ኣብ ፍርዲ ኣቕሪባ።

ናይ መግረፍቲ ኮሚቴ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሃገራት ነዚ ዋ ላ ዝምእዘዛን ዘይምእዛዛን ዝምርምር ኰይኑ፡ ገለ ሰብ መዚ ሃገራት "ቅቡል ዝኾነን ምእማኑ ዘየሸግርን እሞ...ብውልቀ ሰባት ናይ መግረፍትን ሕማቕ ኣተሓሕዛን ከምዝተፈጸመ ዝእምትን ጭብጢ ምስዝህልዎም" እሞ "ነዚ ንምክልኻልን ነቶም ገበርቲ እከይ ንምጽራይን፣ ኣብ ፍርዲ ካብ ምቕራብን ግቡእ መቕጻ ቲ ካብ ምውሳድን ሸሽ ኣብ ዝብሉሉ እዋን" ብኻልእ ሸነኽ እታ ሃገር "እዞም ሰባት እዚኦም [ነጋዶ ሰብ] ኣብ ትሕቲ ናይ እቲ ዋ ላ [መግረፍቲ] ኣዝዩ ዘይቅቡል ዝኾነ ስጉምትታት [ገበናት] ንኽፍጽሙ ተመቻቺእን ተኽእሎታት ትፈጥርን" ኣላ ማለት እዩ። ስለዚ እታ ሃገር "ሓላፍነት ትሸከምን እቶም ናታ ሰብ መዚ ድማ ኣብ ትሕቲ እቲ ዋ ላ [መግረፍቲ] ዘይፍቐድ ኣብ ዝኾነ ስጉምትታት ብምስታፎምከም ፈጻምቲ፣ ተሓባበርቲ ወይ ተሰከምቲ ሓላፍነት ይኾኑ"።

ከምዚ ኣብዚ ጸብጻብ ቀሪቡ ዘሎ፣ ነቲ ኣብ ሲና ዝፍጸም ግፍ ታት ዝምልከት ኣብ ኣደባባይ ዝርከብ ሰፊሕ ሓበሬታ ኣብ ግምት ብምእታውን፤ ብዛ ባ ኣብ ሲናዝርከብ ብዛ ባ ነጋዶ ሰብ ኣበየናይ ቦታ ከምዝርከቡ ብዝምልከት ብደቂቕ ዝተሰነደ ሓበሬታ ንሰበስልጣን ግብጺ ተረኪቡ ምንባሩ ኣብ ግምት ብምእታውን፤ ግብጻውያን ሰብ መዚ እምበኣር ናይ ግብጺ ሓላፍነት ነቲ ኣብ ትሕቲ ዋ ላ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር መግረፍቲ ሓያለ እዋናት ሸሽ ብምባሎም ተሰከምቲ ሓላፍነት እዮም። ሱዳን ነጋዶ ሰብን ምስኦም ዝተሓባበሩ ሰብ መዝን ዝኾኑ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ኣብ ፍርዲ ብምቕራባን፤ ብተመሳሳሊ መንገዲ ገለ ናይ ሱዳን ሰብ መዚ ነቲ ናይ ዋ ላ ሓላፍነት ናይ ሱዳን ብምጥሓሶም ተሰከምቲ ሓላፍነት ይኾኑ ኣለዉ ማለት እዩ።

ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ስቓይ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ጥቓ እታ ኣብ ምብራቕ ሱዳን እትርከብ ናይ ኣፍሪቃ ዝነውሐ ድመ ዘለዋን ንኣስታት 75 000 መብዛሕትኦም እስላም ዝኾኑ ኤርትራውያን ንዓሰርተታት ዓመታት ኣ ቁባ እትርከብ መዓስከር ስደተኛታት እዩ ዝጅምር።

ኣብ ሞንጎ 2004ን መፋርቕ 2012ን ወርሓዊ ኣስታት 2000 ዝኾኑ ተወሰኽቲ ተዛረብቲ ትግርኛ ዝኾኑ ክርስትያን ስደተኛታት ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ሃገሮም ዘጋጥም ዘሎ ሰፊሕ ዝኾነ ኣንጻር ክርስትያን ዝዓለመ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ራሕሪሖም ብምህዳም ኣብዛ መዓስከር መጺኦም ይምዝገቡ። እቲ ቁጽሪ ስደተኛታት ግና ካብ 2012 ጀሚሩ እንዳጐደለ ከኺይድ ጸኒሑ ከሳብ 500 ወርሓዊ በጺሑ ኣሎ። እንተኾነ ግና፡ ኣብዛ ኣብ ርሑቕ እትርከብን፣ ትሑት ኣገልግሎት ዘለዋን መዓስከር፡ ናይ ስራሕ ድል ኣይረኽቡ፡ ካብ ምብራቕ ሱዳን ወጻኢ ክንቀሳቐሱ ኣይፍቀደሎም፡ እሞ ከኣ ብእስላማውያንን ካብቲ ናይዞም ስደተኛታት ዝተፈልየ ቋንቋ ዘለዎም ዝኾኑ ህዝቢ ብምኽኖም፡ ቀልጢፎም ካብቲ መዓስከር ወጺኦም ድሕነት ንምንዳይን ስራሕ፣ ትምህርቲን ካልእ ድላትን ንምድላይ፡ ኣብ ድሕነቱ ዝተረጋገጸን ክብረቶም ኣብ ዝሕለወሉን ቦታ ብምኳን ከምብሓድሽ ሂወቶም ንኽመርሑን ብማለት ካብኡ ይወጹ። ገለ ካብኣቶም ናብ ካይሮን ካርቱምን ብምኻድ፡ ካብኣም ድማ ቀጒጽሮም ዘፍለጥ ናብ ሊብያን ሕብረት ኤውሮጳን ወይ እውን ናብ ጅቲን የመንን ስዑድያን የብሉ። ገለ ካብኣቶም ድማ ንደላሎ ገንዘብ ብምኽፋል ናብ እስራኤል ብመንገዲ ሲና ከስግርዎም ይሰማምዑ።

ኣብ 2010 ገለ ደላሎ ኣብ ጉ  ዞ እንከለዉ ንዓማዊሎም ብምጭዋይን ብምግፋ  ን እሞ እቶም ስደተኛታት ጉ  ዞኦም ንኽቕጽሉ ካብ ቤተሰቦም ገንዘብ ብምጥላብን ዝጀመሩሉ ኩነታት ዝእምት ጸብጻባት ክቀላቐል ጀሚሩ። ኣብ 2011 ሱዳናውያን ነጋዶ ሰብ ካብ ውሽጢ ወይ ጥቓ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ጥቓ ከሰላ ዝርከብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መዓስከር ኤርትራውያን ጨውዮም ብኣስገዳድ ናብቶም ናይ ግብጺ ነጋዶ ሰብ ኣመሓላሊፎሞም።

ኣብ 2012 ኤርትራውያን ንትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ብዛ  ባ ኣብ ሲና ዘጋጠሞም ኣደራ  ን ብዛ  ባ ምትሕብባር ነጋዶ ሰብን ኣባላት ሓይልታት ጽጥታ ሱዳንን ግብጽን ሓቢሮም። ንሶም ከምዝበልዎ፡ ኣብ ከሰላ ሱዳናውያን ፖሊስን ወተሃደራትን ንኤርትራውያን ሒዞም ናብ ነጋዶ ሰብ ኣረኪቦሞም፤ እቲ ከምኡ ዓይነት ስራሕ ወላ ኣብ መደበራት ፖሊስ ከይተረፈ ኣጋጢሙ። ኣብ ግብጺ እንተኾነ እውን ፖሊስን ወተሃደራትን ምስቶም ነጋዶ ሰብ ኣብ ኩሉ ጉ  ዞ፡ ኣብ ብሎኮታት ሱዳንን ኣብ ካናል ሱወዝን፣ ኣብ ኣዝዩ ብጽኑ   ዝሕሎ ካናለ ወይ ድልድል፣ ኣብ ኣባይቲ ነጋዶ ሰብን ኣብ ውሽጢ ሲና ዝርከቡ ብሎኮታትን ኣብ ኣብ ጥቓ ዶባት እስራኤልን ብኹሉ መንገዲ ይተሓባበሩ ነይሮም።

ኣብ ታሕሳስ 2013 ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ሓንቲ ኤርትራዊት ተጣባቒት ተዛሪባ ነይራ፡፡ ንሳ ከምዝበለቶ፡ ካብ 2010 ጀሚራ ምስ ኣብ ሲና ተታሒዞም ዝነበሩን ምስ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ገንዘብ ንኽኸፍሉ ዝተሓቱ ቤተሰቦምን ኣማኢት ዝኾኑ ኤርትራውያን ብተለፎን ተዛሪባ። ንሳ ንትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ከምዝሓበረቶ ድሕሪ እዚ ኩሉ ምሕላፉ ከይተረፈ ኣብ ኣብ መስከረምን ጥቅምቲን 2013 ኤርትራውያን ናብ ሲና ይውሰዱ ምንባሮም ገሊጻ። እዚ ድማ ምስቲ ናይ ግብጺ ምዝያድ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣንጻር ጥርጡራት እስላማውያን ጉጅለታት ኣብ ሲና ዘጋጠመ እዩ። ኣብ ሕዳርን ታሕሳስን 2013 ድማ ኣብ ሕዳር ተጨውዮም ናብ ሲና ዝተወስዱ ግዳያት ንቤተሰቦም ክድውሉ ጀሚሮም።

ብዛ  ባ እዚ ግፍ  ታት እዚ ካብ 2010 ጀሚሩ ኣዝዩ ብዙሕ ጭብጥታት ኣሎ እዩ። ብዙሓት ዘይመንግስታውያን ትካላት ሰነደን ጸብጻባተን ኣቕሪበንን ኣብ መራኸቢ ብዙሃን እውን ሰፊሕ ምቅላሕ ገይረን እየን። እንተኾነ፡ ግብጻውያን ሰበስልጣን ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ዝፈልጦ ነዚ ጉዳይዚ ንኽብቅ   ዝወሰድዎ ስጉምቲ ወላ ሓንቲ የለን። ላ  ለዎት ሰበስልጣን ሲናን ካይሮን፡ ነዚ ግፍ  ታት እዚ ኣይተፈጸመን ብማለት ኣሉ ይብሉ፡ ወይ ከኣ ናይ ግብጺ ህዝባዊ ፍትሓዊ ትካላት ኣዝዩ ድኹም ስለዝኾነ፡ ኣስማትን ቦታን ናይዞም ነጋዶ ሰብ እንተዘይረኺቡ፡ ከምዚ ዓይነት ገበናት ከጻሪ ዓቕሚ የብሉን ይብሉ። ኣብ 2012ን 2013ን ናይ ሱዳን ሰበስልጣን ሱዳን ምስ ነጋዶ ሰብ ይተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣብ ምብራቕ ሱዳን ንኣርባ  ተ ኣብ ፍትሒ ኣቕሪቦም። ግብጺ ግና ንወላ ሓደ በዓል መዚ ምስ ምንጋድ ኤርትራውያን ሰባት ዝተኣሳሰር ገበናት ኣብ ፍትሒ ኣየቕረበትን ኣላ።

ብመሰረት ኤርትራውያን ዝገለጽዎ፡ እቲ ዝኸፍአ ነገር ግብጻውያን ሓለውቲ ዶባት፡ ንዝሃድሙ ስደተኛታት ተኰሶም ምቕታል ኣብ 2011ን 2012ን ቀጺሎሞ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ናብ ብነጋዶ ሰብ ነጻ ተለቒቖም ናብቲ ኣብ 2013 ኣብ ምዝዛም ዝቐረበ 240 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱን ሓሙሽተ ሜትሮ ዝንውሓቱን ሓጹር ዶብ እስራኤል ዝቀረቡ ስደተኛታት ከይተረፈ ብተኹሲ ምቕታሎም ቀጺሎም እዮም። ፖሊስ ግብጺ ኣብ ሞንጎ ሓምለ 2007ን መስከረም 2010ን እንተወሓደ 85 ዝኾኑ ደቂ ትሕተ—ሰሃራ ኣፍሪቃውያን ኣብ ጥቓ እቲ ሓጹር ዶብ ቀቲሎም እዮም።

ግብጻውያን ናይ ዶባት ፖሊስ ኤርትራውያን ምስ ዝሕዙ፡ ኣብ ከተማ ዓሪሽ ኣብ ዝርከብ ናይ ወተሃደራዊ ወይ ሲቪላዊ ዝኾኑ ፈራዶ እዮም ዘሕልፍዎም። ንሶም ተቐቢሎም ድማ ኣብ መደበራት ፖሊስ ኣብታ ከተማ ወይ ኣብ ካልእ ቦታታት ሰሜን ሲና ከምዝእሰሩ ዝገብሩ። ንገለ ድማ ብዘይ ፍርዲ ስቕ ኢሎም ናብ ፖሊስ ንማእሰርቲ የረክብዎም። ኣብኡ ድማ ንሓያለ ኣዋርሕ ይእሰሩ፡ ኣንጻር ማእሰርቶም ከማጉቱ ድማ ኣይፍቀደሎምን። ነዚ ናይ 60 ዓመት   ድመ ዘለዎ ኣብ ሞንጎ ግብጽን ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ስምም ብምጥሓስ ከኣ፡ ግብጺ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ነዞም እሱራት ንኽይበጽሖም

ከልኪላቶ ትርከብ። እዚ ድማ ነቶም እሱራት ዝኾነ ይኹን ናይ ዑቕባ ሕቶ ንኸገብሩ ፍጹም ባይታ ይኸልእ ማለትዩ።

ብተወሳኺ፡ ግብጻውያን ሰበስልጣን ብመሰረት ናይ ግብጺ ሕጊ ምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ (Egypt's Law on Combatting Human Trafficking) ናይዞም ግዳያት ንግዲ ሰብ ዝኾነ ሓገዝ፣ ድሕነትን ካብ ናይ ገበናት ፍርዲ ነጻ ምግባርን ዝኣመሰሉ መሰላቶም ከይሕልዉሎም ሓንጊዶም ይርከቡ። ብኣንጻሩ፡ ነዞም ግዳያት ብጕዳያት ዘይሕጋዊ ስደት ይኸሱዎምን፡ ዝኾነ ናይ ጥ ና መሰላቶም ይኽልክልዎምን። እዚ ድማ ገለ ግዳያት መግረፍቲ ይሞቱ፤ ገለ ካብዚ ግፍዒ ዝተረፉ ድማ ኣብ ማእሰርቲ ተዳጒኖም ብኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ሕማቕ ኵነታትን ኣብ መደበራት ፖሊስ ሲና ተታሒዞም ይርከቡ።

ብመሰረት ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዘካየድዎ ቃለ—መሕትት፣ እቶም ሰበስልጣን ሲና፡ ነዞም እሱራት ዝፈትሕዎም ናይ ኣየር ቲኬት ናብ ኢትዮጵያ ምስ ዝገዝኡን ዝሕዙን ጥራይ እዩ። እዚ ድማ ብመሰረት ኣብ ሞንጐ ግብጽን ኢትዮጵያን ዝተገብረ ስምም ኰይኑ፡ ሂወቶም ንምድሓን ተባሂሉ ካብ ካይሮ ናብ ኣዲስ ኣበባ ንኽበሩ ይግበር። ግብጻውያን ሰበስልጣን ነቶም ግዳያት ነጋዶ ሰብ ዝኾኑ ሰባት ከም ጅሆ ንኻልኣይ ግዜ ብምሓዝ ንዝተናውሐን ዘይቅቡልን ኣዝዩ ሕማቕን ብዝኾነ ኣተሓሕዛ ንኽሳቐዩ ዝገብሩ። እዚ ድማ ኢሰብኣውን ሃሳይን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ኰይኑ፡ ቤተሰብ ግዳያት ገንዘብ ከፊሎም ቲኬት ክሳብ ዝገዝኡሎምን ካብቲ ማእሰርትን ሃገርን ዘውጽእዎምን ይቅጽል ማለት እዩ።
ብዙሓት እቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝምለሱ ሰባት እውን እንተኾነ ናብ ንክሊል እዮም ዝኣትዉ። ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ጥቓ ዶብ ኤርትራ ኣብ ዝርከባ መዓስከራት ይ ጻዉ። ካብኡ ድማ እንደገና ናብ ሱዳን ተጓዒዞም ብኡ ድማ እንደገና ናብ ሲና ማለትዩ። ከም ኩሎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን፣ ኣብ መዓስከራት ክልል ዓፋርን ትግራይን ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ነቲ መዓስከር ሓዲጎም ስራሕ ክደልዩ ኣይፍቀደሎምን። ስለዚ ኣብ ሂወቶም ብኣፍራዩ መንገዲ ክመርሑሉ ኣብዘይክእሉ ሕማቕ ኵነታት እዮም ዝርከቡ።

ብሰሪ ኣብ ካርቱም ይኹን ካልእ ከተማታት ሱዳን ናይ ስራሕ ድላት ዘይምርካቦምን ብዘጋጥሞም ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ ዓሌትነትን መግፋ ትን ኣብ ካይሮን ካልእ ከተማታት ግብጽን፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክብሮም ተሓልዩሎም ነብሶም ክኢሎም ሂወቶም ክመርሑሉ ዘኽእል ባይታ ናይ ምርካብ ድላቶም እንዳጸበበ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብመሰረት ዘይተረጋገጹ ናይ 2013 ሓበሬታታት እስራኤል ናይ ሲና ዶባታ ስለዝዓጸወት፡ ሓድሽ መስመራት ድለላን ንግዲ ሰብን ካብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ተበጊሶም ብወገን ም ራባዊ ሸነኽ ተኸፊቶምስ ቁጽሮም እንዳበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ኤርትራውያን ግዳያት ናይዚ ዘስካሕክሕ ንሰሃራ ቆሪጹ ዝሓልፍን ናብ ሊብያ ዘተኰረን ጕ ዞ ክኾኑ ጀሚሮም ኣለዉ። ብመንገዲ እዚ መስመር ድማ ናብ ኤውሮጳ ክበጽሑ ተስፋ ይገብሩ። መብዛሕትኡ ናይ ኤውሮጳ ጕ ዞኦም ግና ብድሕነተን ዘይተረጋገጻ ጃላቡ እዩ ዝካየድ።

ኣብ ጥቅምቲ 2013 ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፤ ገለ ካብቶም ኣብ ኢጣልያዊት ደሴት ላምፓዱሳ ካብቲ ኣብ 3 ጥቅምቲ 2013 ዘጋጠመን 357 ኤርትራውያን ኣብ ባሕሪ ዝጠሓሉሉን ሓደጋ ብሂወት ዝተረፉ ኣቐዲሞም ከም ስደተኛታት ኣብ መዓስከራት ሱዳንን ኢትዮጵያን ተመዝጊቦም ከምዝነበሩ ይጠቅስ።

ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ግብጽን ኣብ ል ሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዘሎ ግፍ ታት ንኽብቅ ፡ ክልቲኤን መንግስታት ዝተወሃሃደ ሕጋዊ ስጕምቲ ክወስዳን ነቶም ገበነኛታትን እቶም ተሓባበርቶም ሱዳናውያንን ግብጻውያንን ሰብ መዚን ብምልላይ ኣብ ፍርዲ ከቕርባ ኣለወን። ሱዳናውያን ሰበስልጣን ብፍላይ ንላ ላዎት ሓለፍቲ ፖሊስ እሞ ምስዞም ነጋዶ ሰብ ኣብ ከሰላን ከባቢኡን ኰይኖም ዝተሓባበሩን ዘተኮረ መርመራ ከካይዱ ይግባእ። እዚ ድማ ወላ ነተን ኤርትራውያን ስደተኛታት እንዳሓዛ ናብ ነጋዶ ሰብ ዘረክባ መደበራት ፖሊስ ከይተረፈ ዘጠቓለለ ክኸውን ይግባእ።

መንግስቲ ግብጺ ኣብ ሰሜን ሲና ዝወስዶ ዘሎ ወተሃደራዊ ስጉምትን ጸረ መጥቃ ታዊ ወፍርታትን ሕጊ ንምንጋስ ዝዓለመ ተበግሶታትን፡ ንተኣሲሮም ዝርከቡ ግዳያት ነጋዶ ሰብ ዝኾኑ ሰባት እውን ከድሕን ዘኽእል ሕጋዊ መስርሕ ከተኣታትዉን ነቶም ነጋዶ ሰብ ኣብ ፍርዲ ከቕርቡን ይግባእ።

ህዝባዊ ፍርዲ ግብጺ ንበናይ ንግዲ ሰብ ዝጥርጠሩ ቦታታትን ኣብ ከባቢ ከተማ ዓርሽን መብዛሕትኦም ነጋዶ ሰብ ዝርከቡሉ ቦታ እዩ ዝበሃል ሰሜን ሲናን ዘተኰረ ናይ መርመራ ወፍሪ ከካይድ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ እቲ መርመራ ኣብ ናብ ሲና ዘእቱ ብሎኮታትን ደቡባዊ ዶባት ምስ ሱዳንን ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ። ኣተግበርቲ ሕጊ ድማ እቶም ነጋዶ ሰብ ናይ ፖሊስን ሰራዊትን ሓለዋታት ብኸመይ ክሰግርዎም ከምዝኽእሉን እቶም ናይ ፖሊስን ወተሃደራዊ ሰበስልጣን ብኸመይ ከፍቅዱሎም ከምዝጸንሑን ክምርምሩ ኣለዎም።

ናይ ግብጺ ሕጊ ጸረ ንግዲ ሰብ መሰረት ብምግባር ግብጻውያን ሰበስልጣን ነቶም ካብ ኢድ ነጋዶ ሰብ ዝወጹ ግዳያት ብዘይ ቅድመ—ኵነት ናብ ካይሮ ክጓዓዙ ከፍቅዱሎምን ሕክምናዊ ረድኤት ክገብሩሎምን ዓለምለኻዊ ድሕነት ዝሓቱ ምስ ዝኾኑ ድማ ኣብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ክምዝገቡ ከፍቅዱሎምን ይግባእ፡፡

ዓለምለኻውያን ናይ ግብጺ ሓገዝቲ ሃገራት ከም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከም በዓል ኖርወይ ዝኣመሰላ ኣባላት ሃገራትን ንሰራዊትን ፖሊስን ግብጺ፡ ናይ ንግዲ ሰብ መስመራት ክዓጽዉ ዘኽእሎም ሕጋዊ መስርሕ ኣብ ግብሪ ከው ሉ ጸቕጢ ክገብራ ይግባእ።

## ምሕጽንታታት

**ንመንግስቲ ግብጺ**

- ኣብ ሲና ዝውሰዱ ወተሃደራውን ሕጋውን ስጉምትታት ንምድሓን ግዳያት ነጋዶ ሰብ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ምድሓን እውን ተራ ክጻውቱን ነቶም ገበነኛታት ብመሰረት እቲ ናይ 2010 ናይ ግብጺ ሕጊ ምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ መሰረት ብምግባር ኣብ ሕጊ ከቕርቡ ይግባእ፡፡
- ወተሃደራትን ፖሊስ ምስ ነጋዶ ሰብ ዘለዎም ምትሕብባር ክምርመርን ነቶም ገበነኛታት ወላ ኣዘዝቲ ሰብ መዚ ይኹኑ ኣብ ፍርዲ ቀሪቦም ክቕጽዑ ምግባር። ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዋ ላ ኣንጻር መግረፍቲ መሰረት ዝገበረ ንተሳትፎ ሰብ መዚ ብገበኖም ከኽሰስ ዘኽእልን ሓድሽ ሕጊ ምትትእትታው የድሊ።
- ብመሰረት ናይ ግብጺ ናይ ምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ ሕጊ፡ ንግዳያት ንግዲ ሰብ ዝኾኑ ሰባት ምክልኻልን ምሕጋዝን፡ ናይ ምስክርነት ውሕስነት ብምሃብን ካብ ፍርዲ ነጻ ብምግባርን ንግዳያት ኣብ ናይ ኣንጻር እቶም ገበነኛታት ዝግበር ምርመራ ንኽተሓባበሩ ምትብባ ን ይግባእ።
- ንግዳያት ንግዲ ሰብ ብምኽንያት ብስደት ኣይትፍረዱን ኣብ መደበራት ፖሊስ ኣይትእሰሩዎምን ናብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታትን ካልኦት ኣብ ካይሮ ዝርከባ ትካላትን ርክባት ብምግባር ንድሕነትን ሓገዛትን ወላ ናይ ሕክምናን ካልእን ረድኤት ክረኽቡን ከተፍቅዱሎምን ይግባእ።
- ንኤርትራውያን ኣብ ሲና ብኢሰብኣዊ ኣገባብን ሃሳዪ መንገድን ምእሳርን ናብ ኢትዮጵያ ንክኸዱ ጸቕጢ ምግባርን ኣቋርጹ።
- ንናይ ኣብ ጥቓ እስራኤል ዝርከቡ ናይ ዶባት ሓለውቲ ንሰላማውያን ኤርትራውያንን ካልኦት ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ምቕታል ከቋርጹ ትእዛዝ ኣመሓላልፉን።
- ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት እዞም ስደተኛታት ተኣሲሮምሉን ንኽጥረዙ ተቐሪቦምሉን ዘለዉ ቦታታት ንኽበጽሕን ናይ ዑቕባ ጠለባቶም ክቕበልን ከተፍቅዱ ይግባእ።
- ነቲ ሃገራዊ ሽማግለ ናይ ቃልሲ ኣንጻር ንግዲ ሰብ ብዛ ባ ግብጺ ኣንጻር ኣብ ሲና ዝርከቡ ገበነኛታት ናይ ንግዲ ሰብ ዝኾኑ ሰባትን ተሓባበርቶም ዝኾኑ ኣካላት ጸጥታን እትወስዶ መርመራታትን ፍርድን ወርሓዊ ጸብጻብ ከተቕርብ ክትጠልቡ ይግባእ።

**ንመንግስቲ ሱዳን**

- ንምትሕብባር ናይ ጸጥታ ኣካላት ብፍላይ ናይ ኣብ ከሰላ ዝርከቡ ኣዝዝቲ ፖሊስን ነጋዶ ሰብን ብዝምልከት መርመራታት ኣካይዱ። ነቶም በዚ ገበን ተሓተትቲ ዝኾኑ ኣብ ፍርዲ ኣቕርቡ። ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዋ ላ ኣንጻር መግረፍቲ መሰረት ዝገበረ፡ ኣብ መግረፍትን ምትሕብባርን ገበን ዝሳተፉ ሰብ መዚ ብገበን ዘሕትት ሓድሽ ሕጊ ከተተኣታትዉ ይግባእ።
- ብናይ ንግዲ ሰብ ዝጥርጠሩ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ ሰባት መርሚርኩም ኣብ ሕጊ ኣቕርቡ።
- ናይ ምክልኻልን ድሕነትን መዓስከራት ስደተኛታት ኣብ ከባቢ ከሰላን ኣብ ዶባትን ብህጹጽ ኣመሓይሹ። እዚ ድማ ኤርትራውያን ግዳያት መጭወይትን ንግዲ ሰብን ከይኮኑ ንምክልኻል የኽእል።
- መሰላት ኤርትራውያንን ካልኦት ስደተኛታትን ኣብ ሱዳን ኣኽብሩን ንኽሰርሑን ኣብ ምሉእ ሱዳን ብነጻ ክንቀሳቐሱ ኣፍቅዱሎምን።
- ንሃገራዊ ባይቶ ኣንጻር ንግዲ ሰብ ዝምልከት ሕጊ ከተኣታቱ ኣተባብዑ። እዚ ድማ ምስ ናይ ሱዳን ናይ ሓላፍነት ምትግባር ሰብኣዊ መሰላት ዝኸይድ ኮይኑ፡ ቀጻሊ ጸብጻባት ናይ ኣብ ንግዲ ሰብ ዝሳተፉ ሰባትን ሰብ መዝን ሕጋዊ መስርሕን ም ባለታቱን ዝስንድን ክኸውን ይግባእ።

**ንመንግስቲ ኢትዮጵያ**

- ንኤርትራውያንን ካልኦት ስደተኛታትን ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ብነጻ ክንቀሳቐሱ ከተፍቅዱን፡ ስራሕ ክደልዩን ብዘይ ቅድመ—ኲነት ከተፍቅዱ ይግባእ።

**ንናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት**

- ንኤርትራውያንን ካልኦት ዜጋታትን ዘሳትፍ ብነጋዶ ሰብ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝፍጸም መጭወይቲን ዝፍጸመሉ ቦታታትን ብዝምልከት ብቀጻሊን ብግሁድን ጸብጻባት ከተቕርቡ ይግባእ።
- ሱዳን ነቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ ጥርጡራትን ንተሓባበርቶም ዝኾኑ ኣባላት ፖሊስን ሰራዊትን ክትምርምርን ኣብ ፍርዲ ከተቕርብን ኣተባብዑ። ንሓገዝቲ ሱዳን ዝኾና ሃገራት ድማ ከምኡ ክገብራ ኣተባብዑ።
- ንግብጺ ብግሁድ መንገዲ ንናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ናብ ኩሉ ስደተኛታት ተኣሲሮምሉ ዘለዉን ክጥረዙ ተቀሪቦምሉ ዘለዉን ቦታትት ክትበጽሕን፣ ወላ ኣብ ሲና ማለትዩ፣ ናይ ዑቕባ ሕቶታቶም ክትቅበልን ከተፍቅድ ከምዘለዋ መጸዋ  ታ ግበሩ።

**ንማሕበር ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን**

- ንግብጺን ሱዳንን ንተሓባበርቲ ነጋዶ ሰብ ዝኾኑ ሰብ መዚ እዘን ሃገራትን ነቶም ነጋዶ ሰብን ክምርምራን ኣብ ፍርዲ ከቕርባን ጸውዒት ግበሩ።
- ንግብጺ ንግዳያት ንግዲ ሰብ ዝኾኑ ሰባት ክሕግዛን ክከላኸላን ብመሰረት ናይ ግብጺ ሕጊ ምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ መሰሎም ክሕለወሎምን፣ ካብ ናይ ዘይሕጋዊ ስደት መሰረት ዝገበረ ፍርዲ ነጻ ምግባርን ኣብ ትሕቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ክምዝገቡ ንክኽእሉን ጸውዒት ግበሩ።

**ንናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት፣ ግብጺ፣ ኢትዮጵያን ሱዳንን ወሃብቲ ሓገዝ ዝኾና ሃገራት**

- ንግብጽን ሱዳንን ሰበስልጣን ንፍሉጥን ስኑድን ዝኾነ ግፍ  ታት ዝፍጽሙ ነጋዶ ሰብ ክምርምራን ኣብ ፍርዲ ከቕርባን፤ ነቶም ምስኦም ዝተሓባበሩ ሰብ መዚ ጸትታ እውን ነዚ ገበን መሳለጥቲ ዝለዝኾኑ ብሓላፍነት ከምዝሕተቱ ክገብራ ጸቕጢ ግበሩ።
- ንግብጺ ንግዳያት ንግዲ ሰብ ሓገዝን ምክልኻል ድሕነቶምን ክትህብ መታንን ብመሰረት ናይ ግብጺ ሕጊ ምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ መሰሎም ክሕለወሎምን፣ ካብ ናይ ዘይሕጋዊ ስደት መሰረት ዝገበረ ፍርዲ ነጻ ምግባርን ኣብ ትሕቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ  ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ክምዝገቡ ንክኽእሉን ጸቕጢ ግበሩ።
- ንኤርትራውያን ስደተኛታት ካብቲ መጀመርያ ዑቕባ ዝሓተትሉ ሃገር ንኸይንቀሳቐሱ፡ ንሱዳንን ኢትዮጵያን ናይ ስደተኛታት ነጻ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ስራሕን መሰላቶም ክሕልዋ ከምዘለወን ጸቕጢ ግበሩለን።